*ኔዘርላንድ*

EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

# ብዛዕባ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ምምልካት ክትፈልጥዎ ዘለኩም



TIGRINYA

**ሕጂ ኣብ ኔዘርላንድ ኢኻ ዘለኻ፣ እዚኣ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**
**ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝበሃላ ድማ፡**

እተን 27 ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፤ ኣውስትርያ፡ ቤልጅየም፡ ቡልጋርያ፡ ክሮኤሽያ፡ ቆጵሮስ፡ ቸክያ፡ ዴንማርክ፡ ኢስቶንያ፡ ፊንላንድ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ግሪኽ፡ ሃንጋሪ፡ ኢጣልያ፡ ላቲቭያ፡ ሊትዋንያ፡ ሉክሰምበርግ፡ ማልታ፡ ሆላንድ፡ ፖላንድ፡ ፖርቱጋል፡ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፡ ሮማንያ፡ ስሎቫክያ፡ ስሎቨንያ፡ ስጳኛ፡ ሽወደን ከምኡ'ውን

ካልኦት 4 ሃገራት፡ ኣይስላንድ፡ ሊክተንሽታይን፡ ኖርወይን ስዊዘርላንድን።

## ትሕዝቶ


ኣህጉራዊ ሓለዋ (ዑቑባ) ማለት እንታይ ማለት እዩ? 3

መስርሕ ዑቕባ እንታይ እዩ? 4

- ምዝገባን መመልከቲኻ ምቕራብን መዓስን ኣበይን ከኸውን እዩ? 6
- ኣብ እዋን መመልከቲ ምዝገባን ምቕራብን እንታይ ከኸውን እዩ? 7
- ቆልዑ ወይ ጽግዕተኛ ዓቢ ሰብ ሒዝካ እንተመጺእካ እቲ መስርሕ እንታይ ዓይነት ይኸውን? 10
- ኣየነይቲ ሃገር እያ ንመመልከቲኻ ክትምርምሮ? 11
- መመልከቲኹም ብኸመይ ክምርመር እዩ? 12
- ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ውሳነ ብኸመይ ክትቅበሎ ኢኻ? 14

መሰላትኩም እንታይ እዮም? 15

ግዴታታትኩም እንታይ እዮም? 19

ግዴታኻ እንተዘይተማሊእካ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? 23

ሰብ መዚ ንዝኾኑ ይኹን ፍሉይ ድሌት ብኸመይ እዮም ኣብ ግምት ከእትዉ? 25

ሕክምናዊ መርመራ 25

ናብ ሃገርካ ክትምለስ እንተደሊኻ'ኸ? 26

## ኣህጉራዊ ሓለዋ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ጥቕዓት ስለ ዝፈራሕካ ወይ ድማ ናይ ብሓቂ ሓደጋ ከቢድ ጉድኣት ስለዘጋጥመካ ናብ ሃገርካ ክትምለስ እንተዘይክኢልካ ኣህጉራዊ ሓለዋ ከድልየካ ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ንኣብነት ህይወትካ ወይ ናጽነትካ ኣብ ሓደጋ ምወደቕት’ሞ ሰብ መዚ ሃገርካ ካብቲ ዘጋጥመካ ሓደጋ ኣይከላኸሉልካን’ዮም።

ኣህጉራዊ ሓለዋ ክትሓትት መሰልካ እዩ።

ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዝተፈላለየ መልክዕ ክሕዝ ይኽእል እዩ: **ናይ ስደተኛ ኩነታት** ወይ **ንኡስ ሓለዋ።**

ኣህጉራዊ ሓለዋ ዑቕባ እውን ይበሃል እዩ።



## መስርሕ ዑቕባ እንታይ እዩ?

ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ፡ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘድልየካ እንተኾይኑ፡ እንተድኣ ኣድልዩ ድማ ኣየናይ ዓይነት ሓለዋ ንዓኻ ዝምልከተካ፡ እቶም ሰብ መዚ ክግምግሙ እዮም።


ኣብቲ መስርሕ ካብ ገዛኻን መበቆል ሃገርካን ዝወጻእካሉ ኩሉ ምኽንያታት ንክትገልጽ ዕድል ክትረክብ ኢኻ። ካብ ሃገርካ ዝወጻእካሉ ኩሉ ምኽንያታት ነቶም ሓለፍቲ ብሓቂ ኣፍልጦም።

ኣህጉራዊ ሓለዋ ምስ ሓተትካ፡ ከም ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ትቑጸር።



ዝኾነ ምስ ሰብ መዚ እትካፍሎ ሓበሬታ ምስጢራዊ ክኸውን እዩ። እዚ ሓበሬታ እዚ ነቶም ሓለዋ ደሊኻ ሃዲምካ ዝመጻእካሎም ሰባት ፈጺሙ ኣይክካፈልን እዩ።

መስርሕ ዑቕባ ነዞም ዝስዕቡ ደረጃታት ዘጠቓልል እዩ።



## ምዝገባን ምቕራብን መመልከቲኻ መዓስን ኣበይን ክኸውን እዩ?

ንሰብ መዚ ኣህጉራዊ ሓለዋ ምስ ሓተትካ፡ መመልከቲኻ ኣብ ሓደ መዓልቲን ኣብ ሓደ ቦታን ክምዝገብን ክቐርብን እዩ። እዚ ተመዝጊቡ ናብ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽንን ዜግነትን (IND) ክቐርብ እዩ።




ምቕራብ መመልከቲኻ ክትዛዝም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ነቲ መመልከቲ ምቕራብ እንተዘይዛዚምካዮ፡ ካብ ቁጽጽርካ ወጻኢ ዝኾነ ምኽንያት እንተዘይኮይኑ፡ መመልከቲኻ ከም ዝተሰሓበ ይቑጸር። እዚ ማለት ከም ኣመልካቲ ዘለካ ደረጃ፡ መሰል ደገፍን ኣገልግሎትን ከምኡ’ውን ኣብዛ ሃገር ናይ ምጽናሕ መሰልካ ክትስእን ኢኻ።

## ኣብ እዋን መመልከቲ ምዝገባን ምቕራብን እንታይ ክኸውን እዩ?

**ናይ መመልከቲ ምዝገባን ምቕራብን ዝስዕቡ መዳያት ዘካተተ እዩ።**



ኣሰር ኣጻብዕትኻ ክውሰድ እዩ።



ስእልኹም ክውሰድ እዩ።




ኩሉ ናይ መንነትኩም፣ መገሻኹምን ካልእ ዝምልከቶ ሰነዳትኩምን ከተቕርቡ ክትሕተቱ ኢኹም።



ውልቃዊ ዝርዝር ሓበሬታኹም ንክትህቡ ክትሕተቱ ኢኹም። ብዛዕባ ዝኾነ ኣብዛ ሃገር ወይ ካልእ EU+ ሃገር ዝነብር ኣባል ስድራቤትካ እውን ክትሕተት ኢኻ። ብተወሳኺ ብዛዕባ መበቆል ሃገርካን ናብ ኔዘርላንድ ብዛዕባ ዝገበርካዮ ጉዕዞን ሕቶታት ክትሕተት ኢኻ።



ዝርዝር ርክብኩም (ኣድራሻ፣ ቁጽሪ ተሌፎንን ኢመይልን) ክትህቡ ክትሕተቱ ኢኹም።



ንስኻን ንብረትካን እውን ክትፍተሽ ትኽእል ኢኻ። ውልቃዊ ንብረትካ ዋንነቱ ናትካ ኮይኑ ይቕጽልን ክምለሰልካን እዩ፣ ብዘይካ ዝኾነ ሓደገኛ ተባሂሉ ዝሕሰብ ንብረት።



ሕክምናዊ መርመራ ክትገብር ክትግደድ ትኽእል ኢኻ።



ንመመልከቲኻ ዝድግፍ ኩሉ ሓበሬታን ሰነዳትን ከተቕርብ ክትሕተት ኢኻ። እዚ ድማ ንዝስዕቡ ዝምልከት ሓበሬታን ሰነዳትን የጠቓልል፡

- መበቆል ዓድኻን ነፍሲ ወከፍ ዝተቐመጥካለን ሃገራትን
- ካብ ሃገርካ ዝወጻእካሉ ምኽንያታትን ክትምለስ ዘይትደልየሉን ምኽንያታት
- ናትካን ናይ ስድራቤትካን ድሕረ ባይታ
- ዝርዝር ናይቲ ናብ ኤውሮጳን ኣብ ውሽጢ ኤውሮጳን ዝገበርካዮ ጉዕዞ
- ዝኾነ ቅድሚ ሕጂ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ዝቐረበ መመልከቲ።

ቅደም ተኸተል ናይዞም ደረጃታት ክፈላለ ይኽእል እዩ ግን ኩሎም ኣመልከትቲ ሓደ ዓይነት ኣተሓሕዛ ይግበረሎም። እቲ ዝተኣከበ መረዳእታ ኣብ ሃገራውን ኤውሮጳውን ዳታቤዛት ብዘይ ስግኣት ክኽዘን እዩ።

ሓቂ ምዝራብን ምስ ሰብ መዚ ምትሕብባርን ግዴታኹምን ንረብሓኹምን እዩ።



ናይ ዑቕባ መመልከቲ ከም ዘቕረብካን፣ ብዛዕባ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ውሳነ ክሳብ ዝወሃበካ ኣብ ኔዘርላንድ ክትጽበይ ከም ዝፍቀደልካን ከም መርትዖ ከተረጋግጸሉ ዘኽእለካ ሰነድ ክትቕበል ኢኻ።

መጀመርያ ነዚ ብዝምልከት ደብዳቤ ክመጸካ እዩ፣ ጸኒሑካ ድማ ካርድ ማለት ታሴራ ክትቅበል ኢኻ።

ነዚ ሰነድ እዚ ድማ ኩሉ ግዜ ምሳኻ ክትሕዞ ኣለካ።

## ቆልዑ ወይ ጽግዕተኛ ዓቢ ሰብ ሒዝካ እንተመጺእካ እንታይ ዓይነት ኣገባብ እዩ ከኸውን?



ምስ እዞም ዝስዕቡ እንተመጺእካ፡

- ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ደቅኹም፡ ወይ
- ብሕጋዊ መንገዲ ሓላፍነት ዝተሰከምኩምሎም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት

ንሳቶም እውን ንኣህጉራዊ ሓለዋ ከመልክቱ ኣለዎም። እቶም ቆልዑ ምሳኻ ናብቶም ሰበስልጣን ክኸዱ ኣለዎም።

ደቅኹም ዕድሚኦም 18 ዓመትን ልዕሊኡን እንተኾይኖም፡ ናይ ገዛእ ርእሶም መመልከቲ ክቕርቡ ኣለዎም።



ናይ ሓደ ዕድሚኡ 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾነን ውሳነ ንክህብ ዝኽእል ስንክልና ዘለዎን ሰብ ሓላፍነት እንተሃልዩካ፡ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ከተመልክትን ብስሙ መመልከቲ ከተቕርብን ትኽእል ኢኻ።

እቲ ሰብ እቲ መመልከቲኡ ኣብ ዘቕርበሉ እዋን ምሳኻ ክህሉ ኣለዎ።



## ኣየነይቲ ሃገር እያ ንመመልከቲኻ ክትምርምሮ?




ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ከም እትምርምሮ ውሕስነት ኣለካ እዩ። ሃገር ክትመርጽ ኣይትኽእልን ኢኻ።

እቶም ሰብ መዚ ኣየነይቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንኣህጉራዊ ሓለዋ ንዝገበርካዮ ሕቶ ንምርኣይ ሓላፍነት ከም እትወስድ ዝውስኑ ኣገባብ ክኸተሉ እዮም። እዚ ድማ መስርሕ ምውሳን ሓላፍነት ይበሃል።

ነዚ ንምትግባር ድማ ነዚ ዝስዕብ ነገራት ንሰብ መዚ ክትነግሮም ከድልየካ እዩ።

- ኣብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣባል ስድራቤት እንተሃልዩካ።
- ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ቅድሚ ሕጂ ቪዛ ወይ ናይ መንበሪ ሰነድ ሂባትካ እንተኔራ። (ቪዛ ንሓንቲ ሃገር ንክትበጽሕ ፍቓድ ይህበካ። እዚ ኣብ ፓስፖርትኻ ማሕተም ክኸውን ይኽእል እዩ። መንበሪ ሰነድ ኣብ ሓደ ሃገር ንክትጸንሕ ዘኽእለካ ሰነድ እዩ።)
- ቅድሚ ሕጂ ናብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣቲኻ እንተኾንካ።
- ኣቐዲምካ ኣብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣህጉራዊ ሓለዋ ኣመልኪትካ እንተኾንካ።
- ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ናይ ትምህርቲ ዲፕሎማ ወይ ብቕዓት እንተሂባትካ።

እቶም ሰብ መዚ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ክህልዋ ይኽእል እዩ ኢሎም እንተኣሚኖም፡ ብዛዕባ እዚ ኣገባብን መሰላትካን ግዴታታትካን ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ፍሉይ ብሮሹር ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

## መመልከቲኹም ብኸመይ ክምርመር እዩ?

### ናይ ተቐባልነት መርመራ

ኣብ ገለ ኩነታት፡ ቅድመ-ምርመራ ናይቲ መመልከቲኻ ክህሉ እዩ።

እዚ ቅድመ መጻረዪ ናይ ተቐባልነት መርመራ ይበሃል ክሳብ 2 ወርሒ ድማ ዝወስድ እዩ።

እዚ ማለት እቶም ሰበስልጣን መጀመርያ ነዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ ሕቶታት ክምርምሩ እዮም።

- ኣቐዲምካ ኣብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣህጉራዊ ሓለዋ ኣመልኪትካ ዲኻ?
- ኣቐዲምካ ኣብታ ውሑስ ክትከውንን ናብኣ ክትምለሰላን እትኽእለላ ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ወጻኢ ዝኾነት ሃገር ኣህጉራዊ ሓለዋ ረኺብካ ዲኻ?
- ናብታ ውሑስ እትኾነላን ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ክትምርምር እትኽእልን ሃገር ዳግማይ ክትኣቱ ትኽእል ዲኻ?
- ናይ ምምላስ ውሳነ ምስ ተቐበልካ ድሕሪ ልዕሊ 7 መዓልቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ሓቲትካ ዲኻ?
- ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ገበን ወይ ቤት ፍርዲ ናብ ካልእ ሃገር ውሑስ ናይ ምግዓዝ ውሳነ ሂቡካ ድዩ ወይ ኣብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ቤት ፍርዲ ኣብ መስርሕ ዝርከብ ገበን ኣሎ ድዩ?



ነዞም ሕቶታት ናብ ዝሽፍን ቃለ መሕትት ክትዕደም ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ ናይ ተቐባልነት ቃለ መሕትት ይበሃል። ኣብዚ ቃለ መሕትት እዚ፡ ንምንታይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ከም ዘመልከትካን ስለምንታይ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ከም ዘይትደልን እውን ክትሕተት ትኽእል ኢኻ።

ምስዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሕቶታት ብዝተኣሳሰር ከከም ኩነታትካ፡

- መመልከቲኻ ክነጽግ ይኽእል እዩ፣ ወይ
- እቲ ኣገባብ ክቐጽል እዩ፡ ሰብ መዚ ድማ ኣህጉራዊ ሓለዋ የድልየካ ድዩ ኣይድልየካን ክምርምሩ እዮም።

IND እቲ ናይ ተቐባልነት መርመራ ንዓኻ ዝምልከት እንተኾይኑ ክሕብረካን ተወሳኺ መብርሂ ክህበካን እዩ።

## ምርመራ ናይ መመልከቲኻ

እቶም ሰብ መዚ ኣህጉራዊ ሓለዋ የድልየኩም ድዩ ኣይኮነን ክምርምሩ እዮም።



**ንውልቃዊ ቃለ መሕትት** ክትዕደሙ ኢኹም።

እቲ ዕድመ ብውልቂ ክትቅበልዎ ኢኹም።

እቲ ቃለ መሕትት ብኣካል ወይ ኣብ ፍሉይ ኩነታት ብርሕቀት ክካየድ እዩ።
እቲ ቃለ መሕትት ብድምጺ ክቕረጽ እዩ።


እቲ ቃለ-መጠይቕ ኣህጉራዊ ሓለዋ ትሓቱሉ ዘለኹም ምኽንያታትን ንምንታይ ናብ ዓድኹም ክትምለሱ ከም ዘይትደልዩን ብዝርዝር ከተቕርቡሉ እትኽእሉ ዕድል እዩ።
ኣብቲ ውልቃዊ ቃለ መሕትት ክትሳተፉን ኣብ ሰዓቱ ክትርከቡን ኣለኩም። ብዘይ ዕቱብን ኣዕጋቢ ምኽንያት ኣብቲ ውልቃዊ ቃለ መሕትት እንተዘይተሳቲፍካ፡ መመልከቲኻ ከም ዝተሰሓበ ይቑጸርን ድሕሪ ደጊም ድማ ጉዳይካ ኣይከረኣይን እዩ። ኣብ እዋን ቃለ መሕትት ንዝቐርቡ ሕቶታት ብዘይ ዕቱብ ምኽንያት መልሲ ምሃብ እንተኣቢኹም እውን መመልከቲኹም ከም ዝተሰሓበ ይቑጸር።

ነፍሲ ወከፍ ዓቢ ኣመልካቲ ብውልቅኡ ቃለ መሕትት ክግበረሉ እዩ።

ደቅኹም ቃለ መሕትት ንኽገብሩ ዕድል ክወሃቦም እዩ።

ድሕሪ እቲ ውልቃዊ ቃለ መሕትት መመልከቲኹም ክግምገም እዩ። ኣህጉራዊ ሓለዋ ከምእትረኽቡን ከምዘይትረኽቡን እቶም ሰብመዚ ክውስኑ እዮም።

ኣብ ፍሉይ ኩነታት እቲ ውልቃዊ ቃለ መሕትት ዘይክካየድ ይኽእል እዩ። እዚ ንዓኻ ዝምልከት እንተኾይኑ ሰብ መዚ ክሕብሩኻ እዮም።



**ንመመልከቲኻ ንምምርማር ክንደይ ግዜ ክወስድ እዩ?**

እቲ ኣገባብ እቲ መመልከቲ ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 6 ወርሒ ዝወስድ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ፡ እቲ መርመራ ንውሕ ዝበለ እዋን ክወስድ ይኽእል እዩ ግን ካብ 21 ኣዋርሕ ንላዕሊ ክወስድ የብሉን።

## ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ውሳነ ብኸመይ ክትቅበሎ ኢኻ?



ጽሑፋዊ ውሳነ ብኤሌክትሮኒካዊ ኣገባብ ይለኣኽ ወይ ብቐጥታ ንዓኻ ወይ እንተሃልዩካ ንናይ ሕጊ ኣማኻሪኻ ይወሃብ። ብዛዕባ ውጽኢት ናይቲ ውሳነ ብዝረዳኣካ ቋንቋ ክንገረካ እዩ።

እቲ ውሳነ ኣሉታዊ እንተኾይኑ እቲ ምኽንያት ኣብቲ ውሳነ ይግለጽ እሞ ናብ ሃገርካ ንክትምለስ ውሳነ ይወሃበካ።

### ይግባይ ናይ ምቕራብ ተኽእሎ



ምስቲ ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕካ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት ቤት ፍርዲ ነቲ ውሳነ ከም ብሓድሽ ክግምግሞ እዩ ማለት እዩ። ይግባይ ክትብል ዝሕግዘካ ኣማኻሪ ሕጊ ብነጻ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ይግባይካ ኣብ ውሽጢ ኣብቲ ውሳነ ዝተቐመጠ ፍሉይ ናይ ግዜ ገደብ ውሽጢ ክተቕርብ ኣለካ። ኣሉታዊ ውሳነ እንተረኺብኩም ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።

ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶን ይግባይን እንተተነጺጉ፡ ብኻልእ ምኽንያት ድማ ናይ ምጽናሕ መሰል እንተዘይብልካ፡ ካብ ኔዘርላንድ ከሳብ እቲ ዝተጠቕሰ ዕለት ክትወጽእ ክትግደድ ኢኻ። ብፍቓድካ እንተዘይወጺእካ፡ ክትምለስ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ።

## መሰላትኩም እንታይ እዮም?

**ናይ ምጽናሕን ናይ ምቕባል ደገፍን ኣገልግሎትን ናይ ምርካብ መሰልን ኣለካ**



ከም ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ መጠን፡ ብመትከል ክሳብ እቲ ምርመራ ዝውዳእ ኣብታ ንመርመራ መመልከቲኻ ሓላፍነት እትስከም ሃገር ክትጸንሕ መሰል ኣለካ።

ብዛዕባ እቲ እትረኽቦ ናይ መቐበሊ ደገፍን ኣገልግሎታትን ሓበሬታ ኣብ ፍሉይ ብሮሹር ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።



## ግልጋሎት ትርጉም ናይ ምቕባል መሰል ኣለካ



ቋንቋ ኔዘርላንድ ዘይትዛረብ እንተድኣ ኮይንካ፣ ኣተርጓሚ ኣብ እዋን ምዝገባን ምቕራብ መመልከቲኻን ከምኡ’ውን ኣብ እዋን ውልቃዊ ቃለ-መጠይቕካ ምስ ሰብ መዚ ንክትረዳዳእ ክሕግዘካ እዩ። እቲ ኣተርጓሚ ብነጻ ዝቐርብ እዩ።

እቲ ኣተርጓሚ ገለልተኛ እዩ፣ ንማንም ኣድልዎ ኣይገብርን እዩ። ምስጢር የኽብሩን ዘበልካዮ ነገር ካብ ብቑዕ ኣካል ወጻኢ ንዝኾነ ሰብ ኣይካፈሉን እዮም።

እቲ ተርጓሚ ኣብቲ ኣብ መመልከቲኻ ኣብ ዝወሃብ ውሳነ ጽልዋ የብሉን።

ነቲ ተርጓሚ እንተዘይተረዲእካዮ ወይ እቲ ተርጓሚ ገለልተኛ ኣይኮነን ኢልካ እንተሓሲብካ ብቕልጡፍ ንሰብ መዚ ኣፍልጦም።

**ንውልቃዊ ቃለ መሕትትካ ወዲ ተባዕታይ ወይ ጓል ኣንስተይቲ ተርጓሚን ቃለ መሕትት ዝገብር ሰብን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፣ እዚ ምሉእ ብምሉእ ንነብስኻ ንምግላጽ ዝሕግዘካ እንተኾይኑ**



ከከም ዘቕረብካዮ ምኽንያትካን ኣቕርቦት እንተሃልዩን ሕቶኻ ክማላእ እዩ።

## ንኣማኻሪ ሕጊ (ጠበቓ) ክትውከስ ትኽእል ኢኻ



ኣማኻሪ ሕጊ ማለት ምስ ሰብ መዚ ኣብ ዝግበር ርክብ ውልቃዊ ሕጋዊ ሓገዝ ወይ ውክልና ዝህበካ ሰብ እዩ። ኣማኻሪ ሕጊ ካብ ሰብ መዚ ነጻ ኮይኑ ንረብሓኻ ይጣበቕ። ኣማኻሪ ሕጊ ኣህጉራዊ ሓለዋ ኣብ ዘቕረብካሉ ሕቶ፡ ኣብ ኣገባብ ዑቕባ፡ ብወግዓዊ ርክብ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ፡ ኣብ እዋን ውልቃዊ ቃለ መሕትት ድማ ምሳኻ ክጸንሑ ይኽእሉ።

ኣብ ዝኾነ ደረጃ መስርሕ ዑቕባ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ወጻኢታት ምስ ኣማኻሪ ሕጊ ክትውከስ መሰልካ እዩ።

ኣብ እዋን መስርሕ ይግባይ ነጻ ሕጋዊ ኣማኻሪ ንኽግበረልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፣ ብዘይካ ንዋጋታት ሕጋዊ ውክልናኻ ንምሽፋን ዘኽእል እኹል ገንዘብ ምስ ዝህልወካ።

ሓደ ዝመረጽኩሞ ኣማኻሪ ሕጊ እንተደሊኹም፡ ዝርዝር ርክቦም ኣብ ዝሓጸረ እዋን ምስ ሰብ መዚ ኣካፍሉ።

ብዛዕባ መመልከቲኻ ምእንቲ ክሕብሩዎ፣ ዝርዝር መራኽቢ ናይቲ ኣማኻሪ ሕጊኻ ንሰብ መዚ ኣካፍሎም።

## ሓበሬታ ክትረክብን ብነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ክትሓትትን መሰል ኣለካ



ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ ሕጋዊ ምኽሪ (መብርሂ) ብነጻ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ መመልከቲኻ ኣብ ምቕራብ ዝሕግዘካ ሕጋዊ ምኽሪ የጠቓልል።

ሕጋዊ ምኽሪ ማለት ኣብዚ ዝስዕብ ጉዳያት መብርሂ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም ማለት እዩ፡

- መሰላትካን ግዴታታትካን ብዝምልከት
- እቶም ዝተፈላለዩ ኣገባባት
- ሕጋዊ ጉዳያት።

ኣብ ማእከል ምዝገባ ዲኻ ዘለኻ፧ ሕጋዊ ምኽሪ ክትረክብ ድማ ትደሊ ዲኻ? ስለዚ ናብ ሓደ ሰራሕተኛ ናይ IND ኪድ፣ ንሱ ድማ ምስ ሓደ ሕጋዊ ምኽሪ ዝህብ ሰብ ከም እትራኸብ ክገብር እዩ።

ሕጋዊ ምኽሪ ትደልይ ዲኻ፣ ግን ድማ ኣብ ማእከል ምዝገባ ኣይኮንካን ዲኻ ዘለኻ? ወይ ብዛዕባ ሕጋዊ ምኽሪ ዝያዳ ክትፈልጥ ትደልይ ዲኻ? ስለዚ ኣብ www.ind.nl/en/asylum ተወከስ።

## ምስ ትካል ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNITED NATIONS REFUGEE AGENCY፣ UNHCR) ወይ ካልኦት ትካላት ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም።




ኣብ ዝኾነ ደረጃ መስርሕ ዑቕባ ምስ UNHCR ወይ ምስ መሻርኽቲ ትካላቶም ክትራኸቡን ክትዘራረቡን ትኽእሉ ኢኹም።

UNHCR ንረብሓታትን መሰላትን ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ይሕሉ። UNHCR ወይ መሻርኽቱ ዝኾኑ ትካላት እውን ንሓተትቲ ዑቕባ ሓበሬታን ሓገዝን ይህቡ።

ዝርዝር ርክብ UNHCRን ሓበሬታ ብዛዕባ ኣገባብ ዑቕባን ኣብ መርበብ ሓበሬታ UNHCR https://help.unhcr.org/ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ቤት-ምኽሪ ስደተኛታት ኔዘርላንድ (VWN) እውን ሓበሬታን ሓገዝን ይህብ እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ www.refugeehelp.nl ተወከሱ።

ንኣመልከትቲ ሕጋዊ ምኽሪ ወይ ካልእ ምኽሪ ዝህብ ካልእ ትካል እውን ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ግዴታታትኩም እንታይ እዮም?

### ሕጊ እዛ ሃገር ተኸተሉ



### ኣብታ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘመልከትኩምላ ሃገር ምጽናሕ




ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትከይድ ኣይትፈትን። ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትከይድ ዝፍቀደካ ብሰብ መዚ ፍቓድ ምስ ዝወሃበካ ጥራይ እዩ።

### ሰብ መዚ ክበጽሑኻ ከም ዝኽእሉን ቆጸራኻ ከም እትሕሉን ኣረጋግጽ




ኣብ ኩሉ ብሰብ መዚ ኣብ ዝሓተትካሉ ቆጸራታት ብኣካል ክትሳተፍ ኣለካ። ኣብ ሰዓቱ ክትበጽሕ ኣለካ። ብኸቢድ ምኽንያት ኣብ ቆጸራ ክትሳተፉ እንተዘይክኢልኩም ብቕልጡፍ ንሰብ መዚ ኣፍልጡን ምኽንያት ድማ ግለጹን።



## ምስ ሰብ መዚ ምሉእ ብምሉእ ምትሕብባር

ምስ ተሓተትካ ነዚ ዝስዕብ ክትገብር ኣለካ።

- ውልቃዊ ዝርዝር ሓበሬታኻ ኣቕርብ።




- ሰነድ መለለዪ መንነት ኣቕርብ። እንተዘይብልካ፡ ስለምንታይ ከምዘይብልካ ምኽንያትካ ግለጽ።



- ኣሰር ኣጻብዕትኻን ስእልኻን ሃብ።



- መመልከቲኹም ኣብ ዝተወሰነልኩም ዕለትን ቦታን ኣቕርቡ።
- ኣብቲ ውልቃዊ ቃለ መሕትት ተሳተፉን ኣብ እዋን ቃለ መሕትት ንዝቐርቡ ሕቶታት መልሲ ምሃብን።



- ሕጋውያን ሰብ መዚ ከምኡ ክትገብሩ እንተድኣ ሓቲቶም፡ ንክፍትሹ ወይ ኣቑሑትኩም ንክፍትሹ ምትሕብባር ግበሩ። ፍተሻ ኣድላዪን ቅኑዕ ምኽንያት ኣብ ዝህልወሉ እዋን ጥራይ እዩ ዝፍጸም። እቲ በዓል መዚ ምኽንያት እቲ ፍተሻ ክገልጽ እዩ። እቲ ፍተሻ ብተመሳሳሊ ጾታኻ ዝፍጸም ኮይኑ ሰብኣዊነትካ ብዘኽብር መንገዲ ዝፍጸም እዩ።

## ሓቂ ተዛረቡ



እቲ እትዛረቦ ነገር ንተኣማንነት ናይቲ መመልከቲኻ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ነዚ እዩ ድማ ብዛዕባ መንነትካ፡ ስድራኻ፡ መበቆል ሃገርካ፡ ካብ ዓድኻ ዝወጻእካሉ ምኽንያታትን ንምንታይ ናብኡ ክትምለስ ከም ዘይትደሊን ብቕንዕና ክትዛረብን ምሉእን ቅኑዕን ሓበሬታ ክትህብን ዘድልየካ።

ኩሉ ዘይትዝክሮ ትኸውን ትኽእል ኢኻ፣ ስለዚ ንኹሉ ሕቶታት ክትምልስ ኣይትኽእልን ትኸውን። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት መልሲ ፈጢርካ ኣይትዛረብ፣ እንታይ ደኣ ከም ዘይትዝክሮ ግለጽ።

## ቅኑዕ ዝርዝር መራኸቢ ምሃብን ክትርከብ እትኽእልን ኩን።




እቶም ሰብ መዚ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ብዝምልከት ክበጽሑኻ ክኽእሉ ኣለዎም።

ኣድራሻኻ፡ ኢመይልካ ወይ ቁጽሪ ቴሌፎንካ እንተተቐይሩ፡ ብቕልጡፍ ንሰብ መዚ ሓብር።

**መመልከቲኻ እናተመርመረ ከሎ ካብ ኔዘርላንድ ክትወጽእ ከምዘይብልካ ኣይትረስዕ።**

ኣብ ሓደ ማእኸል ትቕመጥ እንተኾንካ ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ቦታ ክትግዕዝ የብልካን።

## ኩሉ ንመመልከቲኹም ዝድግፍ ሓበሬታን ሰነዳትን ናብ IND ክቐርብ ኣለዎ

ናይ መንነት ሰነድ እንተሃልዩካ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከተቕርቦ ኣለካ።

ንሰብ መዝ ንመመልከቲኻ ንምምርማር ወይ ንመመልከቲኻ ንምምርማር ሓላፍነት ዝስከም ሃገር ንምውሳን ክሕግዝ ዝኽእል ካልእ ሓበሬታን ሰነዳትን ከተቕርብ ኣለካ። እዞም ሰነዳት እዚኦም ንኣብነት ፓስፖርት፡ ምስክር ወረቐት መርዓ፡ መጽሓፍ ስድራቤት፡ ወተሃደራዊ መንነት ወረቐት፡ መርትዖ ስራሕ፡ ካርድ ኣባልነት ናይ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ፡ ምስክር ወረቐት፡ ጸብጻብ ቤት ፍርድን ፖሊስን፡ ስእልታትን ሕክምናዊ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሰነዳትን ክኾኑ ይኽእሉ።

ብዛዕባ ሃገርካ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ ዝሓዘ ሰነዳት ምቕራብ ኣየድልየካን እዩ። ሰብ መዚ ዑቕባ ኣብ ሃገርኩም ዘሎ ኩነታት ይፈልጡ እዮም።



መመልከቲኹም ኣብ እተቕርበሉ እዋን ኩሉ ሓበሬታን ሰነዳትን ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ከተቕርቡ ይግባእ። ። እቶም ሰነዳት ብቕጽበት ኣብ ኢድኩም እንተድኣ ዘይሃልዮም፣ ምስ ረኸብኩሞም ቀልጢፍኩም ከተቕርብዎም ኣለኩም።

ኣብ www.ind.nl/en/asylum ተወከሱ። ኣብኡ ከመይ ገይርኩም ሰነድኩም ከም እተቕርቡ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዝተኻእለ መጠን ኦርጅናል ሰነዳት ምቕራብ ግዴታ እዩ። ዝኾነ ናይ መንነት ሰነድ ከተጥፍእ ወይ ክትድርብዮ የብልካን። ዝኾነ ኣገዳሲ ሰነድ ክትሕብእ የብልካን። ናይ ሓሶት ወይ ዘይቅኑዕ ሰነድ ፈጺምካ ከተቕርብ የብልካን።

እንተተኻኢሉ፡ እዚ ሓደጋ ክሳብ ዘይፈጥረልካ ድማ፡ ንኣዕሩኽትኻ ወይ ኣዝማድካ ሰነዳትካ ክሰዱልካ ሕተቶም።

# ግዴታኻ እንተዘይተማሊእካ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ?

## ናይ ዑቕባ መስርሕኹም ደው ክብል እዩ






መመልከቲኻ **ክም ዝተሰሓበ ወይ ክም ዝተነጽገ** ይቑጸር። እዚ ማለት ክም ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋን ኩሎም ተዛመድቲ መሰላትን ዘለካ ደረጃ ክትስእን ትኽእል ኢኻ።

እዚ ዝኸውን ዝስዕብ እንተኣቢኻ እዩ፡

- ኣብ እተሓተትካሉ እዋን ሓበሬታ ምሃብ
- ኣሰር ኣጻብዕትኹምን ስእልኹምን ክውሰድ ምግባር
- ኣድራሻኩም ምሃብ
- ኣብ እዋን ውልቃዊ ቃለ መሕትትኩም ንዝቐርቡ ሕቶታት መልሲ ምሃብ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ዝስዕብ እዋን እውን ክኸውን ይኽእል፡

- ብዘይ ከቢድ ምኽንያት ኣብቲ ዝተወሰነ ግዜ መመልከቲኹም እንተዘየቕረብኩም
- ኣብቲ ውልቃዊ ቃለ መሕትት ብዘይ ከቢድ ምኽንያት ዘይምስታፍ
- ኣብ እተሓተትካሉ እዋን ናብ ሰብ መዚ ጸብጻብ ዘይምሃብ
- ኣብቲ ንኽትጸንሕ ግዴታ ዘለካ ቦታ ዘይምጽናሕ
- ሰብ መዚ ክበጽሑኻ ኣይክኣሉን
- ካብ ሃገር ምውጻእ።

ብተወሳኺ ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ ኣብ ዝኾነ እዋን ሕቶኻ ክትስሕብ ክትውስን ትኽእል ኢኻ፣ ንኣብነት ናብ ሃገርካ ክትምለስ እንተወሲንካ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ክም ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘለካ ደረጃ ክትስእን ኢኻ።

### ገለ ዓይነታት ናይ ምቕባል ደገፍን ገለ ኣገልግሎታትን ክቕነሱ ወይ ክስረዙ ይኽእሉ እዮም



ኣብ ገለ ኩነታት ማእከላይ ኣካል ምቕባል ሓተትቲ ዑቕባ (COA) ወይ ካልእ መዕቀቢ ዝህብ ውድብ ንገሊኦም ናይ መዕቀቢ ደገፍ ወይ ዝተወሰኑ ናይ መዕቀቢ ኣገልግሎታት ክድርት ወይ ክቋርጽ ክውስን ይኽእል እዩ።

እዞም ተቓውማት ንኹነታትካ ድሕሪ ምግምጋሞም ከምዚ ዓይነት ውሳነ ብጽሑፍ ክፍልጡኻ እዮም።

### መመልከቲኻ ብኣሉታ ክጽሎ ይኽእል እዩ

ምስ መንነትካ ወይ መመልከቲኻ ዝተኣሳሰር ምድንጋር ወይ ናይ ሓሶት ሓበሬታ እንተሂብካ፡ ሰነዳት እንተ ኣጥፊእካ ወይ ብሓሶት እንተስሪሕካ፡ እዚ ኣብ መመልከቲኻ ኣሉታዊ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል፣ ንኣብነት ከም ዝስዕብ።



- መመልከቲኻ ክንጸግ ይኽእል እዩ፡ ኣህጉራዊ ሓለዋ ድማ ዘይክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

- መመልከቲኻ ኣብ መስርሕ ዶብ ዑቕባ ክምርመር ይኽእል እዩ። (እዚ እንተኾይኑ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣገባብ ፍሉይ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ)።
- መመልከቲኻ ክቀላጠፍ ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ እቲ ንመመልከቲኻ ክትምርምረሉ እትኽእል ግዜ ናብ ሰለስተ ወርሒ ይንኪ። እቲ ዝተቐላጠፈ ኣገባብ ብኻልእ ፍሉይ ምኽንያታት እውን ኣብ ግብሪ ክውዕል ይኽእል እዩ። እዚ ዝተቐላጠፈ ኣገባብ ንዓኻ ዝምልከት እንተኾይኑ IND ክሕብሩኻን ተወሳኺ መብርሂ ክህቡኻን እዮም።

እቶም ሰብ መዚ ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ ሓቂ ከምዘይተዛረብካ ደሓር እንተፈሊጦም፣ እቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ካባኻ ክውሰድ ይኽእል እዩ።

## ሰብ መዚ ንዝኾነ ይኹን ፍሉይ ድሌት ብኸመይ እዮም ኣብ ግምት ከእትዉ?




ዝኾነ ፍሉይ ደገፍ ምስ ዘድልየኩም ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ንሰብ መዚ ክትሕብሩ ይግባእ። እዚ ድሌታት እዚ ካብ ዝተፈላለየ ኩነታት ከም ጥንሲ፡ ሕማም ወይ ተመኩሮታት ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ኣካላዊ ወይ ጾታዊ ዓመጽ ዝመጸ ክኸውን ይኽእል።

እቶም ሰብ መዚ ኩነታትካ ክግምግሙን ኣብ መስርሕ ዑቕባ ንኽትሳተፍ ንምምችቻው ተወሳኺ ደገፍ ክህቡኻ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት ንጉዳይካ ፍሉያት ሰራሕተኛታት ክምድቡ ወይ ድማ ንውሓት መስርሕ ዑቕባ ከስተኻኽሉ ይኽእሉ።

## ሕክምናዊ መርመራ



እቶም ሰብ መዚ ምልክታት ሕሉፍ ጥቕዓት ወይ ከቢድ ጉድኣት ብዝምልከት ሕክምናዊ ምርመራ ንክትገብር ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም። እቲ ምርመራ ብነጻ ስለዝኾነ ፍቓድኩም ንክትህቡ ክትሕተቱ ኢኹም። ብዛዕባ ውጽኢት ናይቲ ምርመራ ክትሕበር ኢኻ፡ እዚ ድማ ኣብ ገምጋም መመልከቲኻ ኣብ ግምት ክኣቱ እዩ። ብሰብ መዚ መርመራ እንተዘይተሓቲቱ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ወጻኢታት ነቲ መርመራ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## ናብ ሃገርካ ክትምለስ እንተደሊኻ'ኸ?

ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ፡ ብወለንታ ናብ፡

- ሃገርካ ወይ
- መሰል እንተሃልዩካ ናብ መተሓላለፊ ሃገር ወይ ካልእ ሳልሳይ ሃገር።

ብወለንታኻ ክትምለስ እንተ ወሲንካ፡ ኣገባብ ዑቕባኻ ደው ክብልን ድሕሪ ደጊም ድማ ኣብ ኔዘርላንድ ናይ ምጽናሕ መሰል ኣይክህልወካን እዩ።

ብወለንታኻ ክትምለስ እንተ ወሲንካ፡ መስርሕ ዑቕባኻ ደው ክብል ወይ ይንጸግ፡ ድሕሪ ደጊም ድማ ኣብ ኔዘርላንድ ናይ ምጽናሕ መሰል ኣይክህልወካን እዩ።

ብወለንታኻ ክትምለስ ምስ እትደልይ፣ ብመንገዲ www.iom-nederland.nl ኣቢልካ ምስ ኣህጉራዊ ውድብ ስደተኛታት (IOM) ርክብ ግበር። ወይ ድማ ምስ ኣገልግሎት ምምላስን ምብጋስን (DTenV) ርክብ ግበር። DTenV ናይ ምምላስ ሓላፍነት ዘለዎ መንግስታዊ ትካል ኮይኑ፣ ካብ ኔዘርላንድ ኣብ እትወጽኣሉ እዋን ክሕግዘካ ይኽእል። መዓስ ክትወጽእ ከምዘለካን፣ እንታይ ዓይነት ኣማራጺታት ከምዘለዉን ዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊ ዲኻ? ስለዚ ኣብ www.dienstterugkeerenvertrek.nl/support ተወከስ።

ንውሑስን ሕጋውን ምምላስ መምርሕን ሓገዝን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።



## እቲ ሓበሬታ ምቕባልካ ምርግጋጽ

ሓደ በዓል መዚ እዚ ሓበሬታ ከም ዝረኸብካ ንኸተረጋግጽ ክሓተካ እዩ።

ሓደ ነገር እንተዘይተረዲኡካ ወይ ተወሳኺ ሕቶታት እንተሃሊዩካ፡ ኩሉ ግዜ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

እዚ ብሮሹር እዚ ንሓበሬታ ጥራይ እዩ። ንበይኑ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (EUAA) ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ከምኡ’ውን ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ ብሮሹር ብ EUAA ፍቓድ ዝተዋህቦ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ እዩ ዝከኣል። EUAA ንልክዕነት ናይቲ ትሕዝቶ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን፡ እዚ ድማ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ተኻቲቱ ዘሎ ሓበሬታ ዝምልከት እዩ። EUAA ይኹን ን EUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ብሮሹር ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© European Union Agency for Asylum (ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ)፣ 12 juni 2026

Publications Office of the European Union

ISBN 000-00-00-00000-0
doi: 00.0000/0000000
AA-00-00-000-TI-C